**መን ወዓሊ ኢሉኪ? መውዓሊት!**
**ወዲ ቫካሮ ዘይበሎ: ዝተባህለ እንታይ ኣሎ?**

ብመጀመርያ ጽሑፈይ ብምንውሑ: ኣብ ክልተ ክፋል ከፊለ ከውጽኦ ብምምዳበይ: ንነበብቲ ስለ'ቲ ምቁርርራጽ ምልኣት ሓሳባት ናይዚ ጽሑፍ: ኣቐዲመ ይቕሬታ እናሓተተኩ: ናብ 1ይ ክፋል ጽሑፈይ ከስግረኩም ኣፍቁዱለይ:-

ኣቐዲመ: ነቲ ማማ ለምለም ዝሃበትኒ መአረምታ ብልቢ ኣናኣመስገንኩ: ናብ ኣመስገንቲ የሕልፉ:: ብፍላይ ከኣ: ነቲ ናይ ስም ምድንጋራት ኣመልኪታ ዝሃበትኒ መአረምታ ደጊመ የቐንየለይ እብል::

ሎሚ ንምላሽ ናይ ኣሌክሳንደር ክህብ ኢለ ጥራይ ኣይኮንኩን ብርዐይ ኣቕኒዐ ዘለኹ:- እንታይ ድኣ: "መን ወዓሊ ኢሉኪ? መውዓሊት!": ኢሎም ክምስሉ እንክለው ኣቦታት: መበገሲ ምስላኦም ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ ነይሩ:: ሓንቲ ድልየት ጥራይ 'ምበር: ወኒ ዘይነበራ ሰበይቲ: ናብ ሓደ ዑሙር ወናማት ጥራይ ሰቐጥ-ቐጥ ዝብልሉ ጓይላ ኣትያ: ነቶም ብስነ-ስርዓት ዘኽድዱ ዝነበሩ ወናማት ተላሃይቲ: ኣብ ሞንጎ እቲ ኹዳ: ስብራ ከተስብር ዝረኣይዋ ደቂ ዓዲ: ነቲ ጓይላ ኣብ ዘይግዚኡን ብዘይ ኣገባቡን ከተውዕሎ ምስ ጀመረት: "መን ወዓሊ ኢሉኪ? መውዓሊት!" ክብሉ ዝመሰሉላ:: መሲልካ እንታይ ኣምጻእካ እንድዩ ነገሩ?

ወዲ ቫካሮ: ብጀካ እቲ ኣብ'ታ ኣነ ዝቕመጠላ ሆላንድ ዝሃቦ ሰሚናር ጥራይ ዘይኮነ: መዛዘሚ ዑደቱ ተባሂሉ 'ውን: ኣብ ራድዮ ኣሰና: ልክዕ ከም ሓደ መራሕ ሃገር ናብ ህዝቢ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ብጽሞና ድሕሪ ምስመዐይ: ምስ'ቲ ኣብ ሆላንድ ከተማ ሮተርዳም ዝሃቦ ሰሚናርን: ኣሌክሳንደር ካብ ኣምስተርዳም ኣብ (Face-book) ነቲ ኣነ ዘቕረብክዎ ሪፖርታጅ ኣመልኪቱ ሓሶት ኢዩ: ዘይነበረ ኢዩ ገሊጹ ዘሎ ኢሉ ዝሃቦ መግለጽን 'ውን ተመልኪተ ነቢበዮ:: ንዘቕረብክዎ ሪፖርታጅ ሓቅነተይ ብዝምልከት: ክብደሃኒ ኣብ መስመር ይጽበዮ ከም ዘለኹ ክገልጸሉ እንክለኹ: ብድምጺ ዝተቐድሐ ኣሎ ጥራይ ዘይኮነ: ባዕሉ ወዲ ቫካሮ ንገለ ክፋል ናይ'ቲ ዝተዛረቦ: ኣብ ራድዮ ኣሰና 'ውን: ብኻልእ መልክዕ ገሊጽዎ ወይ ደጊምዎ ስለ ዘሎ: ናብ ዝርዝራተይ ክኣቱ ነበብቲ ፍቐዱለይ:-

ንመዛዘሚ ዑደት ቃል ወዲ ቫካሮ ኣብ ራድዮ ኣሰና: ብድሕሪት ብ2ይ ክፋል ክጅምሮ:-

ቫካሮ ኣብ ናይ ራድዮ ኣሰና መግለጺኡ: ኣብ 2ይ ክፋል መበል 33 ደቒቕን 12 ካሊእትን መግለጺኡ ይጠቅስ:-

ኣንቱም መንእሰያት: ደቀይ ክብለኩም: ዝኾነ ዝፈላሊ የብልክምን:: ከም ዝሰማዕክዎ እቲ ዝፈላልየኩም ዘሎ ናይ ኣውራጃ ዝብል: ካባኹም ዝተበገሰ ኣይኮነን:: በዚ ክትፈላለዩ የብልኩምን:: ኣብ'ዚ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ዲዩ: ዋላ ኣብ ካልእ ሃገር ኮይንኩም እተካይድዎ ጉባኤኹም: ወይ ኣኼባኹም: ካብ'ዚ ጉዳይ እዚ ነጻ ኮይንኩም: ነታ ዘልዓልኩማ ስመር እትብል ቃል ኣመልኪትኩም: ንዘለኩም ፍልልይ ኣወጊድኩም: ኣኼባኹም ኣካይዱ:: ሽዑ ሽኣ ንሕና ኩላትና:- ሓለፍቲ ማሕበራት: ሓለፍቲ ሲቪክ: ሓለፍቲ ሰልፍታት: ሓለፍቲ ውድባት ናብ'ቲ እተካይድሉ ቦታ ክንመጻኩም ኢና: ወይ ወከልቲ ክንሰደልኩም ኢና::

ቫካሮ ኣብ'ዛ ጽሕፍቲ ካብ ዝሰፈረ ክፋል ዘረባኡ ንምኽሪ መንእሰያት ብኣውራጃ ንኸይፈላለዩ ኢሉ ዝሃቦ ምኽሪ: ዝኾነ ተቓውሞ ይኹን ነቐፈታ የብለይን:: ኮይኑ ግን: ቫካሮ ካብ'ቲ ክህቦ ዝጸንሐ ምኽሪ ወጺኡ: ንነብሱ ከም ሓደ ሓላፊ ናይ ሓደ ሲቪካዊ ማሕበር: ወይ ፖለቲካዊ ውድብ: ወይ ሰልፊ ቆጺሩ ኢዩ ኣብ'ቲ እተካይድዎ ኣኼባ ዲዩ

ጉባኤ መጺእና ክንሳተፍ: ወይ ወከልቲ ክንሰደልኩም ኢና ዝብል ዘሎ:: “መን ወዓሊ ኢሉኪ? መውዓሊት!” ዝብሃል ከኣ ነዚ ኢዩ:: መን ኢዩ ሓላፍነት ኣሰኪምዎ? በየናይ ዝተኻየደ ጉባኤን ምርጫን ኢዩ ተመሪጹ? ድሮ ሓላፊ ኮይኑስ: ናብ ህዝቢ ዝወርድ መልእኽቲ ብምትሕልላፍ: እቲ ዝኸፈአ ኸኣ ንነብሱ ብደረጃ ሓላፍነት ወዲቡ እናሰርዐ እንከሎ: ኣነ ሓላፍነት ኣይደልን ኢየ:: መራሒ ክኸውን ‘ውን ድልየት የብለይን:: ብቕዓት ‘ውን የብለይን ክብል ገሊጹ ከብቅዕ: ኣይ ሳልስቲ: ኣይ ሰሙን ከኣ: ንነብሱ ኣብ ደረጃ ሓላፍነት ሰሪዑ ይምድር ኣሎ:: ነዚ ምርኩስ ብምግባር ኢየ ኣነ ኸኣ: ድሕሪ እቲ ናይ ሮተርዳም ሪፖርታጅ ዘቕረብክዎ መደምደምታ ትዕዝብተይ: ቫካሮ ናይ ህዝቢ ሻቕሎትን ስቅያት ልቡ ነኺእዎ ዘይኮነስ: ድሕሪ ህልቂት ላምፓዱሳ: ስርዓት ህግደፍ ጻንሒት የብሉን ኢሉ ስለ ዝገምገመ ኢዩ: መድሓኒ ነብሱ ዝኾኖ መሕብኢ ፖለቲካዊ በዓቲ ክሰርሕን: ንነብሱ ኣብ ደረጃ ሓላፍነት ወዲኑ ክጸንሕን ብምሕሳብ ኢዩ ዝንቀሳቐስ ዘሎ ዝብል መደምደምታ ዝሃብክሉ: ነዚ Ego እዚ ሒዙ ኢዩ ቫካሮ ናብ 20 ሃገራት ዝተንቀሳቐሰ:: ናይ’ዚ ናይ ቫካሮ Ego ናይ መደምደምታይ ጭብጢ ኸኣ: እነሆ ሕጂ ኣብ 2ይ ክፋል መግለጺ ራድዮ ኣሰና: መበል 33 ደቒቕን 12 ካሊእትን ብድምጹ ደርጊሑዎ ዘሎ:: ሕጂ ኸ እንታይ ትብሉ እቶም ንሪፖርታጀይ ብኣሉታ ዝገምገምኩም ሰባት: ንኺድ ጥራይ! ምኻድ ናተይ ግን መዓልቦ ኣለዎ:: እወ ንኺድ ጥራይ!

ቫካሮ ኣብ 1ይ ክፋል ራድዮ ኣሰና መግለጺ መደረኡ: ኣብ መበል 16 ደቒቕን 30 ካሊእትን ይጠቅስ:- ኢሰያስ ብዕለት 07-10-2013 ብሰላም ስልጣኑ ክለቕቕ ምሕጽንታን ለበዋን ሂበ ነይረ ኢየ: ክሳብ ሕጂ ኸኣ ኣይተግበሮን:: ዝሰምዕ እዝንን ዝርዳእ ሓንጎልን የብሉን:: ነዚ ዘቕረብክሉ የዋህ ምሕጽንታን ግን ከኣ ተሪር ከተግብሮ ኣይደለየን:: ምኽንያቱ ኢሰያስ ዝሓፍር ሰብ ኣይኮነን:: ኣብ እንዳ ሰብ ገዛ ብዘይስክፍታ: ን25 ክሳብ 45 መዓልታት ዝቕመጥ ኢዩ:: ሕጂ ኸኣ: ነዚ ዝቐረበሉ ዘሎ ምሕጽንታ ኣብ ክንዲ ምቕባል: ኣብ ዕለት 10-02-2014 ኣብ ማሳዋ ኮይኑ: እንታይ ከም ዝበለኩም ትርስዕዎ ኣይመስለንን::

ቫካሮ ካብ ጥፍሒ ዕማኾ ኢዱ: ዒላ ማይ ዘፈልፍል ኢዩ ዝመስል:: ኣብ ከባቢ ኢሰያስ ምንባርን: ወይ ከኣ ምስ ኢሰያስ ብሓባር ምስራሕን: ስልጣንን ሓይልን ኢሰያስ ናባኻ ይመሓላለፍ’ዩ ማለይ ኣይኮነን:: እዚ ከም ዋሕዚ ኤለትሪክ ኣሉታ ምስ ኣወንታ ተራኺቡ ውጺኢቱ ሓይሊ ዝፈጥር እሞ: ዋሕዙ ናቱ ከኣ ናብ ካልእ ሰጊሩ ንጸዓት ትሰርሓሉ: ቫካሮ ምስ ኢሰያስ ስለ ዝነበርካ: ንኢሰያስ ምሕጽንታ ሂብካ ከተፈራርሖ ምሕሳብ: የዋህነት ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ንክውንነት ፖለቲካ ኤርትራን ዓለምን ካብ ዘይምርዳእ ዝመጽእ: ናይ ድልየታትካ ተርባጽ ዘንቀሎ ባዕላውነት ኢዩ:: እዚ ከም’ዚ ዓይነት መግለጺ: ኣብ ፖለቲካ ዓለምና ብኸም’ዚ ዝስራሕ ኣካይዳ የለን: ኣይነበረን ‘ውን: ብድሕሪ ሕጂ’ውን ኣይክህሉን ኢዩ::

ብኣንጻሩ ቫካሮ ኣብ መበል 14 ደቒቕ 1ይ ክፋል መግለጺኡ: ነዚ ስርዓት እዚ ብዝኾነ ሓይሊ ክንኣልዮ ኢና ኢሉ ኣሎ:: እቲ መግለጺ ተዋጻኢ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ዝኾነ ሳይንሳዊ መግለጺ ዘለዎ ‘ውን ኣይኮነን:: ኣብ’ዚ ንኣለክሳንደር ወስ ከብለሉ ዝደሊ:- ቫካሮ ናይ ጎራሓት ኣቀራርባ ዝቐረበ ኢዩ ዝመስል:: ምኽንያቱ: እታ ኣብ ሰሚናር ናይ ሮተርዳም ዝበላ: ኣብ 3ይ ሃገር ንኢትዮጵያ ረኺብና: ኣጽዋርን ሰራዊትን ክትሕግዘና ክንሓታ ኢና ዝበላ: ኣይደገማን:: ስለ ዘይደገማ: ወይ መልክዕ ኣቀራርባኡ ስለ ዝቐየረላ ግን: ነታ ኣብ’ቲ ብዕለት 03-03-2014 ዘቕረብክዋ ሪፖርታጅ ሓሶት የብላ ማለት ኣይኮነን:: ምኽንያቱ ብጭብጢ ዝተቐድሐ ሰነድ ስለ ዘለና:: እንተዘይኮይኑ ንቫካሮ ነቲ ንሱ ክሰርሓሉ ዝደልዮ ሚስጥራዊ ኣሰራርሓ: ማለት:- ነቲ ብኹሉ ዓይነት ዝብሎ ዘሎ ብሩህ እንድዩ: ናይ’ዚ ንኤርትራና ሒዝዋ ዘሎ ደምበ ተቓውሞ ዘተንፍሶ ዘሎ ስትራተጂ ብኹሉ ዓይነት ክበሃል እንከሎ: ብሰላምን ብጎነጽን ማለት እንድዩ:: ናይ ሰላም ዘዛርብ

የብሉን:: ናይ ጎነጽ ግን ብኸመይ ኢዩ ከካይዶ ዝሕልን ንኹሉ ብሩህ ኢዩ:: ምኽንያቱ እተን ቅድሚ ወዲ ቫካሮ በዚ ጭርሖ እዚ ሳናቡአን ናብ መንፈት ዝቐየራ እሞ: ነዚ ንምትግባር ሳምቡእ ኢትዮጵያ ዝወድያ ዘለዋ ደምበ ተቓውሞ: እኹል ተሞኩሮ ኢዩ:: ኣለክሳንደር ንኺድ ጥራይ!

ቫካሮ ኣብ መበል 20 ደቒቕን 11 ካሊእትን: እዘን ዘቐመን ዘለኹ ኮሚቴታት: ናይ ፖለቲካ ዘይኮናስ ናይ ህዝቢ ምትሕቑቛፍን ምትሕብባርን ኢየ ክብል ገሊጹ:: ኣይረድ! ኣዝሒት ንኣዝሒት ክንጮ እንከሎ ዝፈጥሮ ማሕታ: ኣሽምባይዶ ነቲ በንዚን: ነቲ ሓሰር ‘ኳ ኣይምሕር:: መግለጺ ቫካሮ እምበርዶ ካብ ሓደ ሰብ ኢዩ ዝወጽእ ዘሎ? ኣቐዲሙ ነዚ ስርዓት እዚ ንምውዳቕ ኩለንትናዊ ቃልሲ ኢና ንጥቀም ክብል ጸኒሑ ኢዩ:: ኩለንትናዊ ቃልሲ ዝጥቀም ከኣ: ኣብ መወዳእታ ኣብ’ታ ሃገር ክተኽሎ ዝድለ ስርዓት ንምትግባርን ስልጣን ካብ ህዝቢ ተቐቢሉ ንምቁጽጻርን ዘኽእሎ ፖለቲካዊ ራኢ ክህልዎ ናይ ግድን ኢዩ:: ኣብ’ዛ መግለጺ እዚኣ ከኣ: ቫካሮ ካብ ፖለቲካ ዝወጸ ናይ ህዝቢ ምትሕቑቛፍን ምትሕብባርን ኢየ ዘካይድ ዘለኹ ኢሉ:: ናይ ህዝቢ ምትሕቑቛፍን ምትሕብባርን ከካይድ ይደሊ እንተድኣ ሃልዩ ኮይኑ: የእዳው ካብ ፖለቲካ ከመቕጽበት ከልዕል ኣለዎ:: ዓይኒ ፖለቲካ ዓይኒ ዓራት ኢዩ:: ቀሺ ኮይንካ ጠበንጃ ኣይትሕዝን ኢኻ:: ካብ ፖለቲካ ዝወጸ ምትእኽኻብ እናጠለብካ: ፖለቲካዊ ስልጣን ኣይትጽበን ኢኻ:: ቫካሮ ወይ ኳኽ ምሰል! ወይ ሻሽ ምሰል!

ቫካሮ ኣብ መበል 19 ደቒቕን 20 ካሊእትን: እቲ ቅድሚ ነጻነት ይኹን ድሕሪ ነጻነት ዝውፈ ዝነበረ ገንዘብ: ኣበይ ኣትዩ? እንፈልጦ ነገራት የብልናን:: ሓደ ነቲ ገንዘብ ድሕሪ ኢሰያስ ዝፈልጦ ሓጎስ ኪሻ ኢዩ ኢሉ::

ቫካሮ ኣብ መግለጺ ሰሚናርካ ብዝወሓደ ግዜ: ካብ 1973 ኣብ እዋን ህዝባዊ ሓይልታት ኣትሒዝካ: ክሳብ ምስ’ቲ ስርዓት ብግልኻ እትጸላእ: ሓደ ካብ’ቶም ነቲ ዝዋጻእ ዝነበረ ገንዘብ ዝእክቡን: ብሓላፍነት ዝሕዙ ዝነበሩን ኢኻ:: ሕጂ ናባና ናብ ህዝቢ ወሪድካ: እዚ ገንዘብ እዚ ኣበይ ከም ዘሎ ኣይንፈልጥን ኢና ክትብለና እንከለኻ: ምስ’ቲ ከም ክሱስ ገይርካ እተቕርቦ ዘለኻ ኢሰያስ: ከም ኣፍን ኣፍንጫን ዘራኽበካ ዝነበረ: ንሕናስ እንታይዶ ንፈልጦ ኢና? ቫካሮ ኢሰያስ ሰዓል ክሓምም እንከሎ እኮ: ንስኻ ህንጥሸው ኢኻ ትብል ነይርካ:: ዝያዳ ኢሰያስ ንስኻ ብቐረባ ክንደይ ዝኸውን ገንዘብን: ወርቅን ትእክብ ነይርካ? ብከመይ ዓይነት መረኻኸቢ ሰነድከ ነቲ ገንዘብን ንብረትን ወርቅን ካብ ህዝብን ማሕበራትን ተቐቢልካ ተረክብ ነይርካ? መጀመርያ ንስኻ ኢኻ ክትምልሶ ዘለካ:: ምኽንያቱ ንሰራቒ እይትስረቐ: መዓት እዝጊ ከይተውርዶ! ዝብሃል ምስላ ኣበዋት ኣሎ::

ኣብ’ዚ ሕምቀት ናትና ናይ ህዝቢ ኢዩ ብቐዳምነት ዝስራዕ:: ምኽንያቱ ንሕና የሐደስትን ኣጣቓዕትን ጥራይ ኮይና:: በቃ ኩሉ ቀርኑ ተሰይሩ ዘዝመጸ ሰብ: መዝሓሊ ናይ’ቲ ዝተሰብረ ኣቕርንቲ ብምኳን: ኣብ ክንዲ ምብዳህ: እንታይ ይብሃል ኣሎ? ከይመዘንና: ጣቒዒት ኢዩ ዝቕድመና:: ካብ ከም’ዚ ዓይነት ሕማም እንተዘይወጺና: ኩሉ ካብ ኢሰያስ ብርኩ ዘሕጸረ: ጲላጦስ ኮይኑ ክቕርበና ኢዩ:: ጲላጦስ ከማን ካብ ሓጥያቱ ነጻ ዝገበሮ የለን:: ብዝኾነ ንኺድ ጥራይ! ዲዮም ዝበሉ: ንኺድ ጥራይ!

ቫካሮ ኣብ መበል 33 ደቒቕን 29: ሎሚ ዘይከም ትማሊ: ብኽሳድካ ኢና ሒዝናካ ዘለና:: ካብ’ቲ ንስኻ ሒዝካዮ ዘለኻ ብረት: ዝበርትዐ ብረት ኢና ሒዝና ንጽበየካ ዘለና  ይብል:: ቫካሮ ኣስዒቡ:- ኣብ መበል 34 ደቒቕን 32 ካሊእትን ከም’ታ ኣብ ሰሚናር ናይ ሮተርዳም ቃል-ብቓላ ድኣ ኣይድገማ ‘ምበር: ነታ ንኢሰያስ ክቐትሎ ኢየ ትብል ሓረግ: ህዝቢ የድምጻ ከም ዘሎ ብዘስምዕ: ከም’ዚ ይብል:- ሎሚ ኢሰያስ ብልማኖ ኣይኮናን ንሓተካ ዘለና: ካብ’ቲ ናትካ እከይ ግብሪ ብዝለዓለ: ካብ’ቲ ንስኻ ሒዝካዮ ዘለኻ ብረት ዝበለጸ

ብረት ኢና ሒዝና ዘለና: ሎሚ ከም ቀደም ከይመስለካ: ኣብ ፈቀዶ ኣንጎሎ: ኣብ መስኮት ይኹን ማዕጾ: ኣብ ጸልማት ይኹን ብርሃን: ህዝቢ ይጽበየካ ኢዩ ዘሎ:: ካብ'ዚ ከተምልጥ ኣይትኽእልን ኢኻ:: እዚ ስጉምቲ እዚ: ንዓኻ ጥራይ ኣይኮነን ዝምልከት ድሕሪ ምባል: ቫካሮ ዘረብኡ ይውስኽ:- ኣብ'ዚ እንወስዶ ስጉምቲ እትዋት ዘለው ኢሉ ኣስማት ናይ'ዞም ዝስዕቡ ኢዩ ዝዝርዝር:- ንሳቶም ከኣ:- ሜጀር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ: ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ: ብሪጋደር ጀነራል ፍጹም ገብረሂይወት: ጀነራል ስብሓት ኤፍሬምን ካልኦትን የስዕብ:- ክንደይ ሬሳታት ኮን ክንጽብጽብ ኢና በል ቫካሮ ሎምስ ኩሎም ወዲእካዮም ብዘይምህረት ይኽደነናኽ በለት ሰበይቲ:-...

ቫካሮ ከም ዝመስለኒ ኣብ ኤውሮጳ ካብ እትቕመጥ: እንተወሓደ ልዕሊ 40 ዓመታት ዘቕጸርካ ኢኻ ይመስለኒ:: ኣብ'ዚ ኣብ ኤውሮጳ ኮይንካ ኸኣ ንሓደ መራሒ ሃገር: ምልካዊ ይኹን ፋሽሽታዊ: ዝወሃቦ ስም ብዘየገድስ: ኣብ ቃልዕ ህዝባዊ ኣኼባታት ወጺእካ: ዋላ 'ውን ብመራኽቢ ቡዙሃን: ስጉምቲ ክወስደሉ ኢየ: ወይ ክቐትሎ: ወይ ከቕትሎ ኢየ:: ወይ ንኽቕትል መዲበ ኣለኹ:: ወይ ኣዚዘ ኣለኹ ምባል: በዚ ዝስዕብ ኣህጉራዊ ዓለም-ለኻዊ ሕጊ ዘቕጽዕን ብገበን ዘሕትትን ምኽኑስ ትፈልጦ ዶ ትኸውን::

ምኽንያቱ:- እዚ ከም'ዚ ዓይነት ኣበሃህላ እዚ: ምስ'ቲ ዓለም-ለኸ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝጻረር ተግባር ብምኺኑ: ነዚ ጎስጓስ እተካይደሉ ዘለኻ ናይ ቕትለት ጉዳይ: ኣብ መስርዕ ግበረ-ሽበራ ኢዩ ዘእትዎ:: ከምኡ ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ: (International Law the charter of UN) and (The weastern Countries anti-terrosism law) ብሕጊ ተጠያቒ ብምግባር: ኣብ ነፍስ-ወከፍ ናይ'ዘን ሰሚናር ዘካየድካለን ሃገራት 'ውን ከይተረፈ: በብዞነአን ብሓባር ይኹን ብተናጸል: ነዚ ከም'ዚ እተካይዶ ዘለኻ ዓይነት ጎስጓስ ናይ ቅትለት ዘቕጽዕ ድብቱር ሕጊ ኣለወን:: እሞ እቲ ጉዳይ ከም'ዚ እናኾነ እንከሎ ድኣ: ከመይ ኢለን ኢየን እዘን ሃገራት: ነዚ ንስኻ እተካይዶ ዘለኻ ብስቕታ ሪኣነኦ? ዝብል ሕቶ 'ውን ክለዓል ይኽእል ኢዩ:: እቲ ምኽንያት ሓደ ኢዩ:: ንቲ ቫካሮ ዘካየድካዮ ሰሚናር: ተተርጉሙ ስለ ዘይበጽሐን ጥራይ ኢዩ:: ከም'ዚ ምስ ዝግበር ከኣ: ንስኻ ጥራይ ዘይኮነ: እንተላይ እቶም ዝዓደሙኻ ኣካላትን: ኣብ መራኽቢ ብዙሃን ክትቀርብ ዘፍቀዱልካ ሰባትን: ኣብ ምትብባዕን ነዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ኣብ ምትሕልላፍን ኢዶም ከም ዝሓወሱ ስለ ዝቑጸር: ብሕጊ የሕትቶም ምኽኑስ ትፈልጥ ዶ?

እቲ ጉዳይ ንዓኻ ጥራይ ዘይኮነ: ነቶም ነዚ ንኽተስምዕ ብመልክዕ ሰሚናር ይኹን: ብመልክዕ መራኽቢ ብዙሃን ባይታ ዝፈጠሩልካ ኣካላት 'ውን ብገበን ዘሕትቶም ኢዩ:: ንዝያዳ ምሉእነቱ ነዚ ዓንቀጽ እዚ ተወከስ:: የዋጻኣካ ዲዩ ኣየዋጻኣካን ግን ባዕልኻ ንስኻን ነብስኻን ትፋለጡ:: እቶም ቫካሮ ኣይበለን ትብሉ ዘለኹም ከም ኣለክሳንደር ዝኣመሰልኩም ሰባት ከኣ: ተመሊስኩም ነቲ ናይ ሮተርዳም ሰሚናር ካብ'ቶም ዝቐድሕዎ ደጊምኩም ስምዕዎ: ወይ ከኣ ነዚ ናይ ራድዮ ኣሰና መግለጺ ፈቲግኩም ተረድእዎ እሞ: ብድሕሪኡ ትዛረቡ:: "ንዘረባን ሰሚዕካ: ንእንጌራን ኣኾምሲዕካን!" ኢዩ ድንቂ::

2ይ ክፋል ኣብ ቀጻሊ

ዮሴፍ ሃይለ ገብረመድህን
(ዓይኒ ዑንቂ)
ሆላንድ